# ሜላ/ኣገባብ ትምህርቲ

**ናይ ስዊስ ናይ ትምህርቲ ሜላ/ ኣገባብ ሓደ ዘላቒ ቀጻልነት ዘለዎ ሰብኣዊ ዕብየት ክእለትን ዓቕሚን ክምጽእ ዝኽእል መንገዲ ኮይኑ ዝተሓንጸጸ ኢዩ። ሓደ ዝለዓለ ዋጋ ዘለዎ ትሕተ ቅርጺ እቲ ናይ ሞያ ስልጠና እዩ። እዚ ንዝለዓለ ዓውደ ስልጠና ወይ ንዩኒቨርሲቲ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ሰረት ዝስርት እዩ።**

## ኣመሰራርታ / ኣቓውማ ሓላፍነት

ኣብ ስዊስ ሰለስተ ኣብ ሕድሕድ ዝተመስረቱ ናይ ስልጠና/ትምህርቲ ደረጃታት ኣለዉ።

- ግዴታዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ( Volksschule: Kindergarten, Primarschule und Sekundarstufe I)
- ሞያዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ወይ ማእከላይ ትምህርቲ (Sekundarstufe II)
- ላዕለዋይ ክኢላዊ /ዩኒቨርሲቲ ከምኡውን ላዕለዋይ ስልጠናዊ ትምህርቲ( Tertiärstufe)።

ኣብ ስዊዘርላንድ ስልጠና/ኣውስቢልዱንግ ብቐንዱ ኣብ ሓላፍነት ህዝቢ እዩ ዚርከብ። ነዚ ዝምልከት ስርሓትን ሓላፍነትን: ኣብ ትሕቲ መንግስቲ: ካንቶን ምምሕዳር ከባቢ ይከፋፈል። በዚ መሰረት ከኣ ሜላ/ ኣገባብ ትምህርቲ ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ።

## ግዴታታት ትምህርቲ

ግዴታዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣብ ካንቶን Basel-Landschaft: 11 ዓመት ይወስድ። እዚ እቲ ውላድ ወዲ 4 ዓመት ምስኮነ ይጅምር። ቆልዑት ብዘይ ገለ ምኽንያትን ብዘይ ምሕባርን ትምህርቲ ምስዘይከዱ: ወልዲ ይቕጽዑ። ሓደስቲ ሰፈርቲ ናይት ቦታ ምስዝኾኑ: መንእሰያት ክሳብ 16 ዝዕድሜኦም ኣብቲ ግዴታዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ክኣትዉ መሰል ኣለዎም። ደንጉዮም ናብ ስዊስ ዝኣተዉ መንእሰያት ኣብ ማእከል ሓበሬታ ሞያ (BIZ) ንሞያን ካልእን ዝምልከት ሓበሬታ ክረኽቡ ይከእል። ነቶም 16-18 ዓመት ዝዕድሚኦም ስደተኛታት ፍሉይ ሕግታት ዚምልከት እዩ ።

## ስልጠና ድሕሪ ግዴታዊ ትምህርቲ

ዳርጋ ኩሎም ተመሃሮ መንእሰያት:እቲ መሰረታዊ ግዴታዊ ትምህርቲ ምፍጻሞም: ሓደ ቀጻሊ ሞያዊ ትምህርቲ/ስልጠና ይዛዝሙ። ብፍላይ ብዙሓት መንእሰያት ተመሃሮ ዝወስድዎ ውሳኔ: ሞያዊ ስልጠናዊ ትምህርቲ (Berufslehre)ይመርጹ። እዚ ኣብ ቀጻሊ ናብ ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠና መንገዲ ይኸፍት። ኣብ ግዜዚ ስልጠና ሞያዊ ብስለት ዝእምት (Berufsmaturität) ወይ ናይ ኪኢላ ብስለት/ብቕዓት (Fachmaturität) ዝገብር መንእሰይ: ኣብ ቀጻሊ ሓደ ላዕለዋይ ስልጠና ትምህርቲ (Fachhochschule) ክኣቱ ይኽእል። ብሓርፋፍ ገምጋም 20 ሚእታዊት ናይዞም መንእሰያት ሞያዊ ብስለት ጂምናዝዩም (gymnasiale Maturität) ይዛዝሙ እሞ ናብ ዩኒቨርሲቲ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ዕዳል ይረኽቡ።

## ምወላ ንትምህርቲ

ትሑት ገንዘባዊ ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ብምወላ (Stipendien) ትምህርቲን ስልጠናን ክጠናቕቑ/ ክውድኡ ይኽእሉ።ኣብዚ ናይ ሓገዝ ክፍሊት ንስልጠና እቲ ድሕሪ መሰረታዊ ግዴታዊ ትምህርቲ ዝምልከት ኢዩ። ኣብ ካንቶን Basel-Landschaft ዝነብሩ ወጻእተኛታት ናይዚ ዕድል ምወላ ተጥቀምቲ ይኾኑ።እዚ ግን ኣብ ዜግነትን መንበሪ ፍቓድ ኣብ ስዊስን ናይቲ ተመሃራይ ወይ ወለዲ ከም ረቓሒ ኣብ ግምት ይእቱ። ዝያዳ ሓበሬታ እቲ Abteilung Ausbildungsbeiträge ናይ ካንቶን ምምሕዳር ይዝርግሕ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselland.ch/ti/school-and-education/education-system